Landkreis Gießen

HESSENS MITTE • WISSEN
WIRTSCHAFT & KULTUR




# ናይ ትምህርቲ መእተዊ ፈተና
## ኣብ ክፍሊ ጥዕና

Tigrinya

## ናይ ቤት ትምህርቲ መእተዊ ፈተና ንመንን ንምንታይን እዩ?

ኩሎም ክሳብ 30 ሰነ ናይ ዓመት 6 ዓመት ዝመልኡ ህጻናት ኣብዚ ሓጋይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ ይግደዱ። እቲ ሕጊ ኩሎም ህጻናት ቅድሚ ትምህርቲ ምጅማሮም ብናይ ቤት ትምህርቲ ሓኪም ክምርመሩ ከምዘለዎም ይገልጽ።

እቲ ፈተና ዝምርምሮ፦

- እቲ ቆልዓ ከምቲ ዝተሓሰበ
  ናብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ይኽእል ድዩ?
- እቲ ቆልዓ ፍሉይ ደገፍ የድልዮ ድዩ?
- እቲ ቆልዓ ናብ መሰናድኦ ክፍሊ ክኸይድ ኣለዎ ድዩ?
- እቲ ቆልዓ ንተወሳኺ ዓመት
  ናብ መዋእለ ህጻናት ክኸይድ ኣለዎ ድዩ?

## ናይ ቤት ትምህርቲ መእተዊ ፈተና መዓስ እዩ ክካየድ?

ውላድኩም ድሕሪ 6ይ ዓመት ልደቶም ናብ ቤት ጽሕፈት ክንክን ጥዕና ክመጸኩም እዩ።

ናብቲ ቆጸራ ክትመጹ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ክትመጹ እንተዘይክኢል ኩም ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ሰርዝዎ። ኣማራጺ ቆጸራ ክንረክብ ኢና።

## እቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ናይ ምእታው ፈተና ብኸመይ ይሰርሕ?

መጀመርታ ሰነዳትኹም ናብ ሓጋዚ ሕክምና ሃቡ። ናይ ውላድኩም ናይ ክታበት ኩነታት ይምርምሩ፣ ጸቕጢ ደሞም ይግምግሙ፣ ትኩ ሳትኩም፣ ቁመቶምን ክብደቶምን ይግምግሙ። ናይ ምርኣይን ናይ ምስማዕን መርመራን ከምኡ'ውን ናይ ምዕባለ መርመራታት ምስ ውላድኩም ይገብሩ እዮም።



እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ሓኪም ድሕሪኡ ንውሉድኩም ክምርምር እዩ። ውላድኩም ኣብ መዳያት ቋንቋ፣ ቁጽሪ፣ ርድኢት፣ ምንቅስቓስን ባህርን። ውሉድኩም ኣካላዊ ምርመራ ክገበረሎም እዩ። ነዚ ድማ ውላድኩም ክሳብ ውሽጣዊ ክዳኖም ከውጽኡ ክግደዱ እዮም። በጃኹም ንውላድኩም ነዚ ኣዳልውዎም።

ብድሕሪኡ ብቕጽበት ብዛዕባ ውጽኢት መእተዊ ፈተና ቤት ትምህርቲ ምሳኹም ክንዛተየሉ ኢና። ብዛዕባ ክታበታት እውን ምኽሪ ክንህብ ኢና። ኣድላዪ እንተኾይኑ፣ ተወሳኺ መርመራታት ክንገብር ወይ ንው ሉድኩም ዝከኣል ደገፍ ክንገብረሉ ክንመክር ኢና።

ሓላፊ መጸኢ ቤት ትምህርቲ
ኩሉ ውጽኢት ዝሓዘ ደብዳበ ክቕበል እዩ፣
ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ንምስታፍ ኣገዳሲ ዝኾኑ። እቲ ናይ መወዳ
እታ ውሳነ ብዛዕባ እቲ ውላድኩም ኣብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ፣ በቲ
ሓላፊ ቤት ትምህርቲ እዩ ዝውሰን።

### ካልእ ኣገዳሲ ነገር እንታይ እዩ?

- ውላድኩም ኣብ መዓልቲ ምርመራ ጥዑይ ክኸውን ኣለዎ።
- እቲ ምርመራ መብዛሕትኡ ግዜ 60-90 ደቓይቕ እዩ ዝወስድ።
- እቲ ፈተና ንስድራቤታት ብነጻ እዩ።
- ውላድኩም ቅድሚ ሕጂ ከምዚ ዓይነት ፈተና እንተገይሮም ካልእ ናይ ቤት ትምህርቲ መእተዊ ፈተና ኣየድልዮምን እዩ። (ንኣብነት ኣብ ካልእ ግዝኣት ወይ ካልእ ከተማ)



### ምስ ውላድኩም ናብቲ ናይ ቤት ትምህርቲ መእተዊ ፈተና እንተዘ ይመጺእኹም እንታይ ይፍጠር?

እቲ ናይ ትምህርቲ ፈተና ብሕጊ ዝድለ እዩ። ሓደ ስድራ-ቤት ናብቲ ቆጸራ እንተዘይመጺኡ፣ እቲ ቤት ትምህርቲ ብጽሑፍ ይሕበር።

## ምስ ውላድኩም ኢኹም ትመጹ
## ናብ ናይ ቤት ትምህርቲ መእተዊ ፈተና።

### ምሳኹም እንታይ ሒዝኩም ክትመጹ ኣለኩም?

- እቲ ብጫ ናይ ቆልዓ ናይ ጥዕና መጽሓፍ ወይ ተመሳሳሊ ሰነዳት ካብ ሃገርኩም
- እቲ ብጫ ናይ ክታበት ወረቐት ወይ ናይ ክታበት ሰነዳት ካብ ሃገርኩም
- እቲ ዝተመልአ ናይ ኣናሜንሲስ መሕተት
- ኣገዳሲ ናይ ሓኪም ምርመራ/ናይ ሕክምና ጸብጻብ እንተተረኺበ
- መነጽር/ናይ ምስማዕ ጸገም እንተሃልዩ
- ካብ ኣቦ ወይ ኣደ ወጻኢ ካልእ ሰብ ምስ ቆልዓ ዝምጽእ እንተኾይኑ፦ ናይዚ ሰብ ስልጣን ውክልና
- ጀርመን ወይ እንግሊዝኛ ጽቡቕ ጌርኩም ዘይትዛረቡ እንተኾይንኩም፦ ተርጓሚ
    - እቲ ማእከል ወለንተኛነት ናይ ምውህሃድ መምርሒ ከዳልወልኩም ይኽእል እዩ።
    - ተርጓሚ ክትምድቡ እንተዘይክኢልኩም፣ **በጃኹም ቅድሚ እቲ ቆጸራኹም- ኣብ ግዜኡ** ርክብ ግበሩ። ብሓባር መፍትሒ ክንረክብ ኢና።



## ርክብን ኣንፈታትን

### ምስራሕ ወይ ናይ ቆጸራ ለውጢ ኣብ ዝፍጠረሉ እዋን

ናብቲ ቖጸራ ክትመጹ ኣይትኽእሉን?

ድሕሪኡ ኣብ ግዚኡ ርክብ ግበሩ።


ኢ-መይል kiju@lkgi.de

ስልኪ፦ 0641 9390-1579
0641 9390-1423
0641 9390-1429
0641 9390-6059


### ኣብዚ ክትረኽቡና ትኽእሉ

Riversplatz 1-9፣ 35394 Gießen
Haus D፣ 2. Stock

### ናብ ክፍሊ ጥዕና ዝወስድ መንገዲ

- መስመር ኣውቶቡስ ከተማ 2 ናብ “Fasanenweg” ናይ ሓሙሽተ ደቒቕ ጉዕዞ
- መስመር 22 (Gießen-Albach) ናብ “An der Automeile”





መእተዊ
ኣሕታሚ

ኣውራጃ Gießen
ናይ አእውራጃ ኮሚቴ
ፖስታ ሳጹን 110760፣
35352 Gießen

ዝተሓተመ
ጥሪ 2024

ምንጪ ስእሊ
AdobeStock፣ LKGI